# እምባትካላ ዒራዒሮ፡ ምስጢርክን ንገራ!

እምባትካላ፡ እምባትካላ ደሃይ ሃብና
ከርስኺ ዝዓቑሮ ምስጢር ኣካፍልና
ተራእዮም ኢሎሞም ኣብ ቅርዓትኺ ጀጋኑና
ዝውንጀሉዎም ብክሕደት ሃገርና
ሕድሪ ኢሎምኺ'ዮም ንገርልና ንስድራና
ኣሰር ገዲፎም'ዮም ኣሉ ከይትብልና
ከም ጨዋይን ጨወይትን ዘይብሎም ሕልና።

ኣቱም ዕሱባት ዘስገርኩም ንዒራዒር
ስድራ ኣለዉዎም ዘትረፍኩሞም ዝሮምሮ
መንገዱ ሓብሩና ክንበጽሖም ሒዝና ሽሮ
ከነልዕሎም ካብ ዝወደቑዎ ኾነተ-ኣእምሮ
እንተ ረኺብናዮም ህሉዋት ስነ-ኣእምሮ
ኣካሎም ክንድህስስ ክኾኖም ተስፋ ንመንብሮ
ፈተውቲ ከም ዘለዎም ዝጽበዩ ብኣንክሮ።

ዝወደቑ ክንገንዝ ከነህግገሎም ዕጣን
ንቡር ወዲ ኣዳም ክረኽቡ መቓን
ክቡራት'ዮም ሰብ ሓቦን ዝናን
ከዘንቱ'ዩ ዓጽሞም ኣለዎ ልሳን
ከዘንቱ'ዩ ዓጽሞም ኣለዎ ልሳን።

ዒራዒሮ ኣይትግፍዕዮም ከምቲ ከዳዕ ሰውራ
ጋህሲ'ዩ ከብዱ፡ ከጽንት ዝተበገሰ ንብሃገራ
ምሕረት ኣይባህሪኡን፡ ደም'ዩ ቀለቡ ከም ኮብራ
ውዕሎኹም ጨውዩ ኩይኑ መውዓሊ ዳንኬራ
ጕኑ ፈሸ ፈሸ ኢሉዎ ተጸጊዑ ምሰ-ምሓራ
ጻዕረ ከንቱ'ዩ ከረስዓኩም ብታሪኽ ኤርትራ።

ጅግንነትኩም ቀቢሩ ብዘይ ኣላዝቦ
መላሲ የብሉን ካብ ዝሓኾሮ ገቦ
በጺሑዎ'ዩ ጥፍኣቱ ከም ዝኣኸከለ ብዓንተቦ
ፍርሒ'ዩ፡ ኣዕጽምቲ ሰብ ዘርግጾ ብካዕቦ
ኣብ ሬሳ'ዩ ዝስዕስዕ እንተኾኖ ሓቦ
ምስ ከደምቱ ክጠፍእ'ዩ ኣብ ግዜ ዕራርቦ።

ክትስእ'ዩ ህዝቢ ኤርትራ ወሲዱ'ሎ ምህሮ
ቅዋም ከቓድም'ዩ ንሃገር ብሕጊ ዘመሓድሮ።

ዓወት ንውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ

– ደላይት ሰናይ